ኣይረኣኹን ኣይሰማዕኩን ኣይነግርን





# ስጋብ መዓስ?

**Maßnahmen gegen die Gewalt**
**von Bertolt Brecht (1898-1956) 1932**
**http://www.youtube.com/watch?v=BHTj1aBj0dE**

Als Herr Keuner, der Denkende, sich in einem Saale vor vielen gegen die Gewalt aussprach, merkte er, wie die Leute vor ihm zurückwichen und weggingen. Er blickte sich um und sah hinter sich stehen - die Gewalt.
»Was sagtest du?« fragte ihn die Gewalt.
»Ich sprach mich für die Gewalt aus«, antwortete Herr Keuner.
Als Herr Keuner weggegangen war, fragten ihn seine Schüler nach seinem Rückgrat. Herr Keuner antwortete:
»Ich habe kein Rückgrat zum Zerschlagen. Gerade ich muss länger leben als die Gewalt.«
Und Herr Keuner erzählte folgende Geschichte.

In die Wohnung des Herrn Egge, der gelernt hatte, nein zu sagen, kam eines Tages in der Zeit der Illegalität ein Agent, der zeigte einen Schein vor, welcher ausgestellt war im Namen derer, die die Stadt beherrschten, und auf dem stand, dass ihm gehören solle jede Wohnung, in die er seinen Fuß setzte; ebenso sollte ihm auch jedes Essen gehören, das er verlange; ebenso sollte ihm auch jeder Mann dienen, den er sähe.
Der Agent setzte sich in einen Stuhl, verlangte Essen, wusch sich, legte sich nieder und fragte mit dem Gesicht zur Wand vor dem Einschlafen-. »Wirst du mir dienen?«
Herr Egge deckte ihn mit einer Decke zu, vertrieb die Fliegen, bewachte seinen Schlaf, und wie an diesem Tage gehorchte er ihm sieben Jahre lang. Aber was immer er für ihn tat, eines zu tun hütete er sich wohl: das war, ein Wort zu sagen. Als nun die sieben Jahre herum waren und der Agent dick geworden war vom vielen Essen, Schlafen und Befehlen, starb der Agent. Da wickelte ihn Herr Egge in die verdorbene Decke, schleifte ihn aus dem Haus, wusch das Lager, tünchte die Wände, atmete auf und antwortete: »Nein.«

**ስጉምቲታት ኣብ ልዕሊ ውልቀ-መላኺ**
1932 ብበርቶልት ብሬሽት (1898-1956) ዝተጻሕፈት ኣስተምህሮ ሓዘል ሓጻር ዛንታ: -
**<u>ምስ ኤርትራዊ ክዉንነት ኣዛሚዳ ተርጓሚት: ፍረወይኒ ሃብተማርያም</u>**
1 መስከረም 2011 ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብቅድሚ ኤምባሲ ኤርትራ በርሊን ዝተነበበ

ኣቦይ ለባም ዝተባህለ ሓደ ፍላስፋ ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ንብዙሓት ሰማዕቲ መግለጺ ንኽህብ ኣብ ዝቐረበሉ ግዜ፡ እቶም ሰማዕቲ በብሓደ ካብኡ ርሒቖም ገዲፎሞ ክወጹ ረኣየ። ቁሊሕ ኢሉ ንድሕሪኡ እንተ ጠመተ፡ ውልቀ-መላኺ ኣብ ድሕሪኡ ጠጠው ኢሉ ረኣየ። ውልቀ-መላኺ „እንታይ ኢኻ ድበልካ?“ ኢሉ እናኣፋጠጠ ሓተቶ፡ „ንዓኻ እየ ክውድሰልካ ጸኒሐ“ ኢሉ ድማ መለሰሉ።

ውልቀ-መላኺ ምስ ከደ ንኣቶ ለባም ተመሃሮኡ „ጽኑዕ መርገጽ‘ዶ የብልካን ኢኻ?“ ክብሉ ብምግራም ሓተትዎ። „ክሰበር ዝደልዮ ድሩቕ መርገጽ የብለይን፡ ዕምረይ ካብ ዕምሪ ውልቀ-መላኺ ዝነውሐ ክኸውን ኣለዎ“ ኢሉ ድማ መለሰሎም። ንኣበሃህልኡ መረድኢ ክኾኖም ብማለት እዛ ትስዕብ ዛንታ ኣዘንተወሎም።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ዘበነ-ኣልቦ ሕግን ፍትሕን፡ ሓደ ልኡኽ ውልቀ-መላኺ ኣብ ቤት ኣቶ ጎራሕ ዝበሃሉ፡ ንጌጋ „ኣይፋል ነውሪ“ ናይ ምባል ግሩም ጠባይ ዝነበሮም ሰብኣይ፡ መጺኡ፡ ሓደ ጽሑፍ ኣርኣዮም፡፡ እቲ ጽሑፍ ብሽም እቲ ነታ ዓዲ ዝቆጻጸር ውልቀ-መላኺ ዝተፈረመ ኮይኑ፡ ኣብ ኩለን ኣቶ ጎራሕ ዝረገጻን ዓዲታት፡ ወይ ዝኣተወን ቤት፡ ሕልናን መንፈስን፡ ንብረትን ውላድን፡ ፍረ-ጻዕሪ ሓረስቶትን ሰራሕተኛታትን፡ ፍቕሪ ኣንስቶምን እምነት ኣምለኽትን፡ ናይ ብሙሉኣቶም ተቐማጦን፡ ደቀባትን፡ ክውንን መሰል ዝህቦ ጽሑፍ ሙኻኑ ዘርኢ ነበረ። ቀጺሉውን ምእዛዝ ንዝኣበዩን፡ እምነት ንዘጉደሉሉን፡ ክኣስርን፡ ክገርፍን፡ ውላዶም ዓዲ ገዲፎም ምስ ዝሃድሙ፡ #50፡000 ባድመ ንኽከፍሉ፡ እንተዘይከፈሉ ንኽእሰሩ፡ ደቆም ኣብ መንገዲ ስደት ኣብ ባሕሪን ምድረበዳን ዝሞቱ ንኸይልቀሰሎምን ከይሕዘነሎምን፡ ኣብ ርሑቕን ቀረባን ንዝርከቡ ተወለድቲ እታ ዓዲ ኣኣብ ዘለውዎ ኣመንቲ ውልቀ-መላኺ ሙኻኖም ንምርግጋጽ 2% ካብ እቶቶም ንኽኸፍሉ፡ ኣንስቶምን ኣዴታቶምን ንዘለወን ኩትሻን ኣስተሊኒን ተሰሊመን ዝጸበቓ ክዳነንን ተኸዲነን ንኽዕልላሉን ንኽጣቕዓሉንን፡ ዓበይቲን ነኣሽቱን ብሓባር ንተቓወምቲ ውልቀ-መላኺ ንኽለልዩን ክምዝግቡን ከመልከቱን፡ ዓበይትን ነኣሽቱን፡ ብሓደ መዝሙር፡ ብሓደ ዋዜማ ንውልቀ-መላኺ ክውድሱን ከኽብሩን፡ ዝእዝዝ ጽሑፍ ነበረ። እዚ እናኾነ፡ ንኣቶ ጎራሕ ድማ ዘለዎ ልሙዕ መሬት ከበርክተሉን፡ ዘላቶ ስብሕቲ ላም ክሓርደሉን፡ ጥዑም መግቢ ክኽሽነሉን ክቐልቦን፡ ኣብ ቤቱ ከስፍሮን፡ ኣብ ንእዱ ከደቅሶን፡ ብሙሉእ ጉልበቱ ከገልግሎን ኣዘዞ። ኣማስይኡ፡ „ቅድሚ ምድቃሱ ነዚ ዝበልኩኻ ኩሉ ክትእዘዘኒ ዲኻ“ ኢሉ ሓተቶ።
ኣቶ ጎራሕ ንልኡኽ ውልቀ-መላኺ፡ ኣብ ንእዱ እናኣደቀሰ፡ ኣብ ወንበሩ እናኣቐመጠ፡ ጠጥዑሙ እናመገበ፡ ሃመማ ከይዓልቦ፡ እሽሽ እናበለ፡ ዝጎበዙ ደቂ እናኣወፈየ፡ ን20 ዓመት ዝኣክል ሓንቲ ቃል ከይተዛረበን ብፍጹም ዒም ከይበለን ተኣዘዞ። ድሕሪ ዒስራ ዓመት ግን፡ እቲ ውልቀ-መላኺ መዓልቱ ኣኺላ ብሕቡራት መንግስቲታት ዓለም ተኣገደ፡ ብጾት ዘይብሉ በይኑ ተረፈ፡ ካብ ክቱር ዊስኪ ምስታይ ሳንቡኡ ተቓጺላ ምሕራርን ሞተ።
ወኪል-ውልቀ-መላኪ ኣብ ጽላል ውልቀ-መላኺ ብኾፉ እናበልዐ ክቱር ሰቢሑ ስለ ዝነበረ ደድሕሪኡ ብሻቕሎት ሞተ።
ኣቶ ጎራሕ ንሬሳ ወኪል ውልቀ-መላኺ-ነበር በቲ ካብ ክቱር ስቡሕ ረሃጽ መሽሚሹ ዝነበረ ምንጻፍ ጠቕሊሉ፡ ካብ ቤቱ ጓቲቱ ኣውጽኦ፡፡ ብድሕሪኡ ቱኻንን ቁንጭን ዓጢኒ ካብ መሕብኢኦም ኣውጺኡ፡ ቤቱ ለቕሊቑ ኣጽረየ። ንውልቀ-መላኺ-ነበር ድማ „ኣይፋለይ ብፍጹም ኣይእዘዘካን እየ“ ኢሉ መለሰሉ።